# 3. ኣምላኽ ንቅዱሳን የኽብሮም እዩ



**1. ቅዱስ ማለት እንታይ ማለት እዩ?**
**"ቅዱስ" ዚብል ቃል ምስ ዕብራይስጢ "ቃዶሽ" ዚመሳሰል እዩ። ቃል ንቃሉ ድማ "ፍሉይ" ወይ "ላዕለዋይ" ማለት እዩ።ቀዳማይን ንውልቁን ቅዱስ እምበኣር እግዚኣብሔር እዩ። እስራኤላውያን በቲ ኣምላኽ ንሙሴ ዝገለጸሉ ስሙ፡ ማለት "ያሕወ" ኪጽውዕዎ ስለ ዘይደፍሩ፡ እቲ "ቅዱስ" እቲ "ኃያል" እቲ "ዘይመውት" ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ።**

*ኣብ ትንቢት ኢሳ 6፡3 መላእኽቲ "ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ፡ ጐይታ ሠራዊት"* **ኢሎም ኪሰግድሉ ንረክብ (ሕዝ 39፡7፤ እምባቆም 1፡13፤** *ራእይ* **8 ርአ)። ኣብ** *ራእይ* **15፡4** *"ንሰኻ በይንኻ ኢኻ ቅዱስ ሓሞ፤ እግዚኣብሔር ዘይፈርሃካ ንስምካ ዘየኽብርን መን ኣሎ?"* **ዚብል መዝሙር ንረክብ። ከምኡ ድማ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽ ወልደ እግዚኣብሔር ዝኾነ፡ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን በቲ ኣምላኽ ጥራሕ ዚግብኦ መጸውዒ ኪጽወዕ ንሰምዕ። ንኣብነት፡** *"ንሰኻ እቲ ናይ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኢኻ"* **(ማር 1፡24)፤** *"ንሕናስ እቲ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ ምዃንካ ኣሚናን ፈሊጥናን ኣሎና"* **(ዮሓ 6፡69)፤** *"ንሰኻትኩም ነቲ ቅዱስን ጻድቕን ኪሕድኩምሲ ነቲ ሰብ ዝቐተለ ኪፍትሓልከኡም ለመንኩም"* **(ግ.ሓ 3፡14) ዚብሉ ጥቕስታት ንረክብ። ስለዚ ኢየሱስ ብመሠረቱን ብእንታይነቱን ቅዱስ ኣዩ። ቅድስና ኣምላኽ ብጽድቂ፤ ርትዒ፤ ሓቂ ይግለጽ።**

**2. ንኣገልግሎት ኣምላኽ ዚውዕል ቅዱስ እዩ**
**ንኣገልግሎት ኣምላኽ ዝውዕል ዘበለ ነገር ኩሉ "ፍሉይን ክቡርን" ስለ ዝኾነ ናብ ካልእ ጥቕሚ ኪውዕል ኣይግብኦን እዩ። ንኣብነት ታቦት፡ መሥዋዕቲ፡ ቤተ መቕደስ፡ ኣላብስ፡ ቀዳም ወዘተ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ከም ቅዱሳት ገይሮም ይቑጸሩ (ንኣብነት ዘጸ.28፡36 ርኤ)። ኣብ ብሉይ ኪዳን ፍጡር፡ ዝተፈቕደሉ ወይ ንኣገልግሎት ዝተመዘዘ እንተ ዘይኮይኑ ንቅዱስ ነገር ክትንክዮ እኳ ኣይግብኦን ነይሩ። ዝተንከዮ ንርእሱ ይቕደስ ስለዝነበረ፡ እሞ ተፈልዩ ኪነብር ስለዘይኽእል፡ ንሞት ይፍረድ ነበረ። ሰንበት ዘፍረሰ፡ ካብ ቤት ሌዊ ዘይኮነን ታቦት ምስ ደገፈ ንሞት ከም ዝተፈርዱ ካብ ብሉይ ኪዳን ጥቕሲ ይርከብ። ብተመሳሳሊ ድማ ርኹስ ዝኾነ ዝተንከፈ ርኹስ ይኸውን (ንኣብነት ካህናት ሬሳ ኪትንክፉ ኣይፍቀደሎምን ነይሩ፡ ዕዳጋ ዝውዓለ ንኪነጽሕ ሰብነቱ ኪሕጸብ ይግደድ ነይሩ፡ ወዘተ)።**

**ወድ ሰብከ "ቅዱስ" ኪበሃል ይከኣል ዲዩ?**
**ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ "ጻድቕ" ዝኾነ ወድሰብ ኣሎዶ? ኣጸቢቕና ክንርድኦ እንተደኣ ኮይና ብዘይካ ሓደ ኣምላኽ ካልእ ቅዱስ የለን። ወድሰብ ብመሠረቱ ሓጥእ፡ ጽዩቕ፡ ብልሽው እዩ። እንተኾነ ኣዳም ምስ ሓጥአ ኣምላኽ ቀጽዖ ደኣ እምበር ተስፋ ኣይኸልኦን እሞ ካብ ሰበይቲ ወልደ ኣምላኽ ንቀጥዓ ኣምላኽ ኣዝሓሎ። ምሕረት ረኺቡልና ምስ እግዚኣብሔር ኣተዓረቐና። በዚ ድማ ንዓለም ኣባላሽዩዋ ዘሎ ትምኒት ሥጋ ወጺእኩም ተማቕልቲ መለኮታዊ ባህርዩ ኴንኩም (2ጴጥ.1፡4) ተባህልና። ድሮ ድማ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዳዊት "ኣማልኽቲ ኢኹም፡ ኩልኹም ደቂ እቲ ልዑል ኢኹም" ዚብል ተስፋ ዝመልኦ ቃል ኣስሚዑ ነይሩ እዩ። እዚ ተስፋ እዚ ድማ ንኣመንቲ ክርስቲያን ወይ ጥራሕ ንእስራኤላውያን ዘይኮነስ ንኣረማዉያን ከይተረፈ ዝተዋህበ ተስፋ እዩ (ግሓ.17፡2-8)።**



**እዚ ተስፋ እዚ ተስፋ ኮይኑ ኣይተረፈን። ቅ.መጽሓፍ ወድሰብ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝተኻፈለ ብዙኅ መንገዲ ይገልጸልና። ኣስዒብና ንኣብነት ኪኾነና ኢየሱስ ናይ ወድሰብን ጠባያት ጐድኒ ንጐድኒ እናናጻጸርና ክንምልከት ኢና።**

**እምበኣር "ቅዱስ" ዚብሃል እቲ ንኣገልግሎት ኣምላኽ ዚውፈን ዝፍለን እዩ።** **"ቅዱስ" ምዃን ናይ ወድሰብ ምርጫ ኣይኮነን፡ ጸዋዕታ ደኣ እንተደሊናን ድማ ትእዛዝ እዩ (1ጴጥ.1፡15-16)። "ከምቲ ኣቦይ ሰማያዊ ፍጹም ዝኾነ ፍጹማት ኩኑ"(ማቴ.5፡ 48) ኢየሱስ ድማ ሰብ ምእንቲ ኪቅደስ፡ ጸልዩን (ዮሓ.17፡17-19) ማኅበር ቅዱሳን (ቤተክርስቲያን) ተኺሉን (ማቴ.16፡18-20) ደጋጊሙ ድማ ኪዳን ኣትዩሉን እዩ (ማር.14፡24 ርኤ) እቲ ጴጥሮስ ከም ተመቕልቲ መለኮታዊ ባህሪ ኢሉ ዘቕረቦ ሓቂ፡ ጳውሎስ ከም ሰብነት ከም ሕንጻን ገይሩ የቕርቦ፡ ዮሓንስ ድማ ከም ጉንዲ ወይንን ከም መጓሰ ገይሮም የቕርብዎ። እቶም ብክርስቶስ ዝድኃኑ ብሓንሳብ ኪረኣዩ እንከለዉ፡ ከም ሓደ፡-**

* ሰብነት እዮም - ሰብነት ክርስቶስ እዮም፡ ክርስቶስ ርእሲ እዚ ሰብነት፡ ኣመንቲ ድማ ኣካላቱ። ኣካላት ክርስቶስ ኢና፡ በቲ ሓደ ወገን ኣካላት ሓድሕድና ኢና (ሮሜ.12፥5)፡
* ሕንጻ እዮም - ርእሰ መኣዝኑ ክርስቶስ (ኤፌ.20፡ 1ጺጥ.2፥6) መሠረቱን ኣዕንዱን ሓዋርያ፡ መናድቑ ድማ ብሕይወት ዘለዎ ኣእማን ኣባላቱ ዝተሰርሐ እዩ (1ጴጥ.2፥5)፡
* መጓሴ እዮም - ክርስቶስ ጓሳ (ዮሓ.10፥1) ምእመናን ድማ ኣባጊዕን መጓሴኣኡ እዮም።

እዞም ኣርባዕተ ኣብነታት ወይ ምሳሌታት ናይ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ናይ ኃባር ነጥብታት ኣለዉዎም። ንሳቶም ከኣ፡ ክርስቶስ ወትሩ እቲ ቀንዲ ተዋሳኣይ እዩ፡ ኣባልን ኣካልን ናይ ኣርባዕቲኦም ምሳሌታት እዩ፡ ርእሲ ካብ ሰብነት ክትፍለ ኣይትኽእልን፡ ሰብነት ብዘይ ርእሲ ሕይወት የብሉን። ከምኡ ኣብቲ ካልእ ምሳሌ ብዘይ ክርስቶስ ሕንጻ የለን፡ ጨንፈር ኪፈርዩ ኣይኽእሉን፡ መጓሴ ብዘይ ጓሳ ኪኃብርና ብኃባር ኪዋፈርን ኣይኽእልን። ነፍሲ ወከፍ ኣካል ናይ በይኑ ቦታን ተልእኾን ኣለዎ፡ ንሱ ዘይፈጸሞ ሥራሕ ወይ ተልእኮ ከይተፈጸመ ይተርፍ። ኣካል ናይቲ ሥርዓት ምኧን ብናጻ እኳ እንተተረኽበ ኣብኡ ምጽናሕ ግን ተስፋናን ክሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተሓዝና ድማ ቤት እግዚኣብሔር ንሕና ኢና (ዕብ.3፥6፣ ራእ.14፥12) ማለት ኣካላት ሰብነት ኪሓሙን ኪቍረጹን ይኽእሉ፣ እቶም ኣእማን ግድን ናይ ወርቅን ብሩርን ጥራሕ ኣይኮኑን፡ ጭቃ ዝተጠፍጠፈ ሓሰር እውን ኪኾውን ይኽእልብ እንተጸትፈርዩ ኪቍረጽን ኣብ ሓዊ ኪድርበን ይኽእልን እዩ፣ ከምኡ ድማ እተን ኣባጊዕ ኬስሕቱ ዚኽእሉ ተኧሉን ሰረቕትን ጕሒላታትን ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም።

እዞም ኣርባዕተ ምስላታት ሕይወት ብምልኣቱ ዘለዎም እዮም፡ እቲ ቤተመቕደስ ንርእሱ ሕያው ተባሂሉ ይጽዋዕ (ዮሓ.12፥19-21፣ 1ቆሮ.6፥19) ራእዪ ዮሓንስ እኳ "እግዚኣብሔር ኣምላኽን እቲ ገንሸልን መቕደስ (ንምሕዳስ ኢየሩሳሌም) (ራእ.21፥22) እዮም ይብል። ጳውሎስ (2ቆሮ.5፥17) "ሓደ እኧ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ ንሱ ሓዲስ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ እዩ፡ እንሆ ኩሉ ሓዲሽ ኮይኑ እዩ" (ገላ.6፥15 እውን ርአ) ይብል።

-12-

እምበኣር ኣብ ክርስቶስ ጥራሕ ንተኸል ... ... ወትሩ ሓድሽቲ ኣካላት ሰውነት ክርስቶስ፡ ሓደስቲ ሕይወት ዝመልኣማእማን ቤተ መቅደስ ኣምላኽ ኢና። ክሳዕ መጨረሽታ እሙናት ጥራሕ ኘኹን እምበር (ዮሓ.15፥9፣ ገላ.6፥9፣ እብ.12፥1፣ ራ/ኣ.3፥11) ንዘለዓለም ሕያዋን ኣካል ሰብነት ክርስቶስ ኪኘኸውን ኢና። ኣምላኽ ብመስትያት ዘይኮነስ "ገጽን ንገጽ እንርእየሉ መዓልቲ ኪመጽእ እዩ፡ ቅዱሳን ኣብ ቅድሚ እቲ ዙፋንን ኣብ ቅድሚ እቶ ኣርባዕተ እንስሳን ኣብ ቅድሚ እቶም ኣሕሉቕ ንሓዲሽ መዝሙር ይዝምሩ" (ራእ.14፥3፣ 15ማ3፣ 19፥5-9) ይሰግዱ፡ ይውድሱ ዓው ኢሎም ድማ ናብ ኣምላኽ ይጠርዑ (ራእ. 6፥9-10፣ ዘካ.1፥12-13 ርኤ)። ኣብኡ ኣብ ልዕሊ ብዙሕ ኪሸየሙ እዮም (ማቴ.25፥21)።

### 3. ኣምላኽ ንርእሱ "ንቅዱሳን" የኽብሮም እዩ

***ዓስቦም ይህቦም*** (1ጢሞ.5፥12፣ ሉቃስ.6፥22)፡ ከከም ጻዕሪን ከከም ኣገልግሎቶም (ማቴ.10፥41) ነፍሳትዚ ማሪኹ ከም ከዋኽብሪ ኣብ ሰማይ ንዘለዓለም ኪበርሁ እዮም (ዳን.12፥3) ነገልገልቲ (ማቴ.10፥42) ብርጭቆ ማይ እውን ትኩን ዓ ስቢ ከምዘይትስእን ኣረጋጊጽሎም ኣሎ። (ማቴ. 25፥23) "ዓስብኹም ዓቢይ ኪኸውን እዩ" ከኣ ይብሎም።

***ዘይበሊ ዘውዲ ይህቦም*** (1ቆሮ.9፥25)፡ ዘውዲ ጽድቂ (2ጢሞ.4፥8)፡ ዘውዲ ሕይወት (ያዕ.1፥12)፡ ዘውዲ ዓወት (1ይ ጰጥ.5፥4) ኪደፍኡ እዮም።

***ኪኸብሩ እዮም*** (ማቴ.13፥43) "ሽዕ ጻድቓን ኣብ መንግሥቲ ኣብኦም ከም ፀሓይ ኪበርሁ እዮም፡ እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ" (ሉቃ.9፥30-31) "... ሙሴን ኤልያስን ምሳኡ ይዛረቡ ነብሩ። ብግርማ ከኣ ተገልጹ" (ሮሜ.8፥17) ውሉድ ካብ ኮና ወረስቲ'ውን ኢና፡ ንኣምላኽ ወረስቱ ንክርስቶስ መዋርስቱ። ምሳኡ ሓሳረ መከራ እንተጸገብና ምስኡ'ውን ክንከብር ኢና (ሮሜ.8፥17)፡ ከምኡ (ፊል.3፥21፣ ቆሊ 3፥4)።

***ሥልጣን የልብሶም*** (ኢሳ.33፥16፣ መዝ.91፥14፣ ዳኒ.1፥2-3፣ ሉቃ.19ማ17) "... ብውሑድ እሙን ኰንካ ኢኻ እሞ ኣብ ዓሥርተ ከተማ ሽይመካ ኣሎኹ" በሎ። ንዓለም ይፈርዱ (1ቆሮ.6፥2) ኣብ ዙፋን ገንሸል ኮፍ ኪብሉ እዮም (ራእ.3፥21) ድሕሪዚ ዙፋናት ርኤኹ ነቶም ኣብ ዙፋናት ዝተቐመጡ ከኣ ኪፈርዱ ሥልጣን ተዋህቦም። እዚኣቶም እቶም ንኢየሱስ ክርስቶስ ብምምስካሮምን ንቓል ኣምላኽ ብምብሳሮምን ዝተሰየፉ እዮም። ... ንሳቶም ምስ ክርስቶስ ነገሡ (ራእ.20፥4-5)።

***ካህናት ማለት መማለድቲ ይገብሮም***

ብዛዕባ ኢየሱስ ንርእሱ (ዕብ.7፥24-25) "ኢየሱስ ግና ንዘለዓለም ዚነብር ስለዝኾነ ዘይሓልፍ ክህንት ኣለዎ። ስለዚ ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪማልድ ዚነብር ስለዝኾነ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ ንዘለዓለም ኬድኅኖም እዩ" ኪብል ጸኒሑ ኣብ (ራእ.20፥5) "ኣብቲ ቐዳማይ ትንሣኤ ዚሳተፉ ብፁዓንን ቅዱሳንን እዮም። ናይ ኣምላኽን ናይ ክርስቶስን ካህናት ኪኾኑ እዮም፡ ምስ ክርስቶስ'ውን ሽሕ ዓመት ኪነግሡ እዮም። ስለዚ ኣብ ክህነት ክርስቶስ ኪካፈሉ እዮም እሞ ኪማልዱን ክዓርቑን ኪኽእሉ እዮም። ናይ ኣምላኽ ክብሪ ንቅዱሳን ተግባራዊ እዩ፡ ብሽመት ዚወዳእ ኣይኮነን። ተማቕልቲ መለኮታዊ ባህርይ ስለዝገብሮም ተማቕለቲ ሰማያዊ ክብሩን መንግሥቱን ሥርሑን እዮም።

### 4. ኣምላኽ ቅዱስን ክኸብሮም ይደሊ እዩ፤

ብምዝካር "ነቶም ቃል ኣማልኽ ዚሰብኩልኩ መራሕቲ ዘክርዎም" (ዕብ.13፥1) ብምምሳል "... ነቶም ብእምነትን ብትዕ ግሥትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ክትመስልዎም እምበር ሃካያት ክትኾኑ ኣይደልን (ዕብ.612)ብክርሶትስ ኣእሌት መዕበይቲ እኳ እንተ ኣለዉኹም ብዙኃት ኣቦታት የብልኩምን። ከመይ ወንጌል ብምብሳር ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ

ዝወለድኹኩም ኣነ እየ፡ ስለዚ ንኣይ ምሰሉ” (1ቆሮ.4፡15-16) ብምእዛዝ “ንመራሕትኩም ተኣዘዝዎምን ተገዝእዎምን። ንሳቶም ከምቲ ጸብጻብ ዚህብ ነቒሖም ይሕልውኹም ኣለዉ። ስለዚ ነዚ ንጓሂ እንተዝገብርዎ ንኣኻትኩም ኣይጠቕመኩም እዩ እሞ ተሓጒሶም ከምዚገብርዎ ግበሩ” (ዕብ.13፡17)
**ብምኽባር፡** “እንሆ ቀቅድሚኻ ዚኸይድ መልኣኽ እልእኸልካ ኣለኹ። ኣኽብሮ ንዝበለካ ድማ ተኣዘዞ ኣይተሕርቆ” (ዘጸ.23፡20)።

5. ***ክርስቲያን ንቅዱሳን ይሰግዱሎም ዲዮም?***
ስግደት ንሓደ ኣምላኽ (ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን) ጥራሕ ከምዚግባእ ቅዱስ መጽሓፍ ኣግሂዱ ይገልጸልና እዩ። ብዙሕ ጊዜ ግን ክርስቲያን (ምናዳ ኣንስቲ) ኣብ ቅድሚ ስእሊ ወይ ምስሊ ቅዱሳን ተደፊኦም ኪጽልዩን ኪልምኑን ምባልባት'ውን ኪበኽዩን ይረኣዩ። ግቡእ ዲዩ? ሰብ ኪድፋእ እንከሎ እንታይ የመልክት? ግድን ናይ ስግደት ምልክት ጥራይ ዲዩ?

ኣብ ርእ.19፡10 ዮሓንስ ኣብ ቅድሚ መልኣኽ ኪድፋእ ንርእዮ፡ እቲ መልኣኽ ግን ኪኽልክሎ <u>“ንኣምላኽ ጥራሕ ደኣ ስገድ፡”</u> እናበለ ኪገንሖ ንረክብ። እንተኾነ ነቲ ጥቕሲ ኣጸቢቕና እንተንቢብና “ክሰግደሉ” ኣብ እግሩ ወደቕኩ ኪብል ነንብብ ወይ “ክሰግድ ፍግም በልኩ” ዚብል ንርኢ. ማለት ኣብዚ ክልተ ጥቕሲ እቲ ናይ ሰውነት ምድፋእ ምልክትን ናይ'ቲ ናይ ልቢ ሓሳብ (ምስጋድ) ስለዝኾነ ስግደት ንኣምላኽ ጥራሕ ድማ ስለዚግብኦ መልኣኽ ኪኽልክሎ ንራኢ። ስለዚ ዚሰግድ ልቢ ደኣ እምበር ሰብነት ኣይኮነን። ልክዕ ከምማሉ ኣብ ዳን.3፡5፡ ማቴ.4፡9። ኣብታ ምምሓር ናይ ዝሰኣነ ኣገልግሊ ኣብነት ግን (ማቴ.18፡23-34) ክልቲኦም ኣገልገልቲ ዕዳኦም ኪኸፍሉ ከምዘይኽእሉ ምስረኣዩ ከይሸየጡ ኢሎም ናብ እግሪ ሰብ ዕዳኦም ተደፊኦም ኪልምኑ ንርእዮም። ኣብዚ እቲ ናይ ሰብነቶም ምድፋእ ከምቲ ልናይ ላዕሊ ኣብነት ሓደ እዩ፡ ናይ ልቦም ሓሳብ ግን በይኑ እዩ። ኣብዚ ካልኣይ ኣብነት እቶም ኣገልገልቲ ይሰግዱ ኣለዉ ክንብሎም ኣይንኽእልን። መዝ.96፡9 ኣብ ስግደት ዘሎ ሠለስተ ስጕምቲ ይገልጽ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ብዙኅ ኣብነት ናይ ኣብ ቅድሚ ሰብ ተደፊእካ ምስጋድ ኣሎ። ኣብነት፡ ያዕቆብ ኣብ ቅድሚ ኃው ኤሳው 7 ጊዜ ይድፋእ (ዘፍ 33፡3)፤ ኣኀዋት ዮሴፍ ኣኣብ ቅድሚኡ ይድፍኡ (ዘፍ 42፡6)፤ ሙሴ ኣብ ቅድሚ ሃቡኡ የትሮ ይድፋእ (ዘጽ 18፡7)፤ ካልእ ኣብነታት (1 ሳሙ 2፡36፤ 18፡24፤ 24፡20፤ 2 ነገ 15፡4፤37፤ ኢሳ 45፡14፤ ዳኒ 2፡46)። ልክዕ እዩ ኣኣብ ስግደት ብርኽኻ ዓጺፍካ ምሉእ ሰብነትካ ኣብ ምድሪ ኪድፋእ ኣሎዎ፤ ግን ***ዚሰግድ ልቢ ደኣ እዩ እምበር፡ ሥጋ ንበይኑ ኣይኮነን።***

ኣብ ማእከላይ ምስራቕ፡ ከም ኣብ እስራኤልን፡ ኤርትራን፡ ኢትዮጵያን ዘኣመሰላ ሃገራት እውን፡ ብባህሊ ሰብ ንስግደት ኢሉ ይድፋእ፤ ንኣኽብሮት ኢሉ ይድፋእ፤ ንልመና (ይቕረታ ወይ ዕርቂ ወይ ንሓደ ብርቱዕ ልመና ኢሉ) ተደፊኡ ይልምን። ኣብ ራእይ ነዚ ነጥቢ ኣጸቢቑ የረድኣና፡ ማለት እቲ ንዮሓንስ ዝመርሕ ዝነበረ መልኣኽ፡ “ናብ መልኣኽ ፊላደልፍያ ከምዚ ኢልካ ጸሓፍ፡ እኒሆ መጺኦም ... ኣብ እግርኻ ወዲቖም ከም ዚሰግዱልካ ክገብሮም እየ” ይብል።

6. *መደምደምታ*
ኣምላኽ ንቅዱሳኑ ባዕሉ የኽብሮም ኣዩ። ነቶም ኣምላኽ ዘኽበሮም ከኣ ንሕናውን ነኽብሮም ኢና። እቲ ኣኽብሮትና ከምቲ ብህልና ብምስጋድን፡ ብምስዓምን እኳ እንተገለጽናዮ። ከም ኣማልኽቲ ኣይነምልኾምን ኢና። ከምቲ ኣብ ምድሪ ዘሎዉ ኣኀዋትና ዝጽልዩልናን ዘማልዱልናን፡ እቶም ኣብ ሰማይ ዘሎዉ ቅዱሳን ኣኀዋትና ከኣ ከም ዘማልዱልና ንኣምን ኢና። ጸሎቶም ከኣ የበርትዓና እዩ። ኅብረትና ምስ ነሓድሕድና ጥራሕ ዘይኪነስ ምስቶም ዝቐደሙና ቅዱሳንውን እዩ።